ክፍሊ/ዓመት 1 ን 2 ን

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽርታት: ኣብ ገዛ ምምሃር

## ንገዛ ዝኸውን ናይ ቁጽሪ ሥራሕቲ ውጥን ሓሳብ

### ብሓባር ምንባብ

ሕሳብ ናብ ገዛኹም ንክመጽእ መጽሓፍቲ ቐሊልን መሓጐሲ ዝኮነ መንገዲ እዩ። ክተንብብ እንከሎ በዚ ዝስዕብ ሕቶታት ብምሕታት ዝበለጸ ሓጐስ ይውስኽ፤ እዚ’ውን: *ካልኣይ ዘበጽሐ ሰብ መን ኔሩ? ቡናዊ ሕብረ ጸጕሪ ዘለዎም ሰባት ክንደይ እዮም? ኣብቲ ስእሊ መን እዩ ዝነውሐ ሰብ?* ከምኡ’ውን *ኣበይ ገጺ ኢና ዘለና? ገጺታት* ክትግልብጥ እንከሎ ምቁጻር።

### ምግቢን ምኽሻን ጸብሒ

ውላድኻ ናይ ሻሂ ማንኪያ፣ ዓቢ ማንኪያ፣ ሩቢኢ መጠን ኩባያ፣ ፍርቂ ኩባያን ሙሉእ ኩባያ ዝሕዝ ንክጥቐሙ ምሕታት። ውላድኻ ናይ መብሰሊ ግዘ ንክርእዩ ወይኻዓ ናይ ኦቨን/ምድጃ ግዘ መዓቐኒ ከስተኻክልዎ ምሕታት።

ንቤት ትምህርቲ ናይ ምሳሕ ዓይነትን ዝተፈላለዩ ዋጋታት ዝርዝር ንክንብቡ ምሕጋዝ። ነቲ ዘድሊ ገንዘብ ብዓሎም ክቆጽርዎ ምግባር።

> ብኸመይ መግቢን መስተን ብማዕሮ ብሓባር ምክፍፋል ከምዝኻኣል ንውላድኻ ምሕጋዝ፤ ንኣብነት፡ ንሳንድዊች ወይኻዓ ፍሩታ ናብ ፍርቒ ምቁራጽን ከምዚ ምባል:  ናብ ክልተ ማዕሮ ጌረ ነዚ ቆሪጸዩ – ፍርቒ ንዓኻ ፍርቒድማ ንዓይ. ብሓባር ኾይንካ ምግቢ ምድላውን በዚ ዝስዕብ ዘኣመሰሉ ሕቶታት ምሕታት:
>
> - *ክንደይ ሻሓኒን ኩባያታት የድልየና?*
> - *ሰለስተ ፉርኬታ ኣለኒ፤ ተወሳኺ ክንደይ ዝኸውን የድልየና?*
> - *ኩሉሰብ ክልተ ሳንድዊች ይደልይ እም እኹል ኣለና’ዶ?*

### ብዛዕባ ግዜ ምዝራብ

ውላድኻ ተመሳሳሊ ብዝዘውር ኢድን ብኣሃዝን ዝርኣይ ሰዓት ንክንብብ ምሕጋዝ። ብዛዕባ ግዘ ምዝራብ ንኣብነት: *ትፈትዎ ናይ ተለቪዥን መደብ መዓዝ ይርኣይ?* ከምኡ’ውን *እቲ ፕሮግራም ንክንደይ ግዘ ይጸንሕ?* ንናይ ስፖርቲ መዓልታትን ሰዓታት ኣብ መዝገብ ዓውደ ኣዋርሕ ምጽሓፍ። ብዛዕባ ሰሙናዊ መዓልታት፤ ዓመታዊ ኣዋርሒን ወቕቲታትን ምዝርራብ። ኣብ ሰሙናዊ መዓልታት ዝዛመድ ፍጻመታት ፤ ንኣብነት: *ሰኑይ መዓልቲ ናብ ጓይላ ስዕሰዒት ክንከይድ ኢና ከምኡ‘ውንረቡዕ መዓልቲ ናይ ቃርሳ ስልጠና ትምህርቲ ኣለኻ።*

### ስፖርቲ

ስፖርቲ ንሕሳብ ዘካተተ ኣርእስቲ ከምዝኾነን በዚ ዝስዕብ ብቐሊሉ ንምዝራብ እዩ። ሕቶታት ምሕታት ከም: *ሰለስተ ጎላት/ሽቶታት ክንደይ ነጥቢታት ይኸውን? እቲ ጋንታ ብኸንደይ ጐላት እዩ ዝመርሕ? ኣይኑ ተጻዋታይ እዩ ዝበዝሐ ጉያታት ዘመዝገበ?* ከምኡ’ውን *ኣይኑ ጓያዪ ፈጣን ግዘ ከምዘለዎ ብኸመይ ትፈልጥ?*

ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ክትገብር ትኽእል:

- በቲ ነጥቢ መመዝገቢ ሰሌዳ ዝርኣይ ነጥቢታትን ግዚያት ምጥቃምን
- ብዛዕባ ዝልጠፍ መቑጻሪ ሕንጻጻት ብኸመይ ነቶም ነጥቢታት ከምትቆጽር ምዝርራብ።

Department of Education

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ
ኣብ ዌብሳይቲ education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015